# ኣምር ክብርን ክብርታትን ከመይ ድዩ፧

"ክብረትን ምክብባርን እንታይ ምኳኑ እስከ ሰብ ፍልጠትን ተመኽሮን ኣካፍሉኒ ኢኹም፧"

#እዛ ጽሕፍቲ ቅድሚ 7 ዓመት ኣቢለ'የ ሓናጢጠያ ነይረ-እንተኾነ ማይ ስለ ዘይሓለፋ ይኹን እናሻዕ ብዘጋጥመና ተመኽሮታት ንድሕሪት ተመሊስና ክንዝክር ንቕሰብ ኢና።

እሞ ደኣ፡ናብቲ ጽሑፍ ከብለኩም እፈቱ።

ኣብ ክብርን ክብረታትን ዘለዎ ሕብረትሰብ ተፈጢርና፣እንተኾነ ብዝተፈላለየ ምኽንያትትን ጽልዋታትን ንዕንዎ ከምዘለና ርዱእ እዩ።ኣይፋሉን ዝበለ "እንሆ ሜዳ እንሆ ፈረስ" ከም ዝብልዎ'ዩ።

ሓደ ሰብ ኣብ ጉዕዞ ሕይወቱ ዘጋጠሞን ዝሓለፎን፣ክጽሕፎን ከመሓላልፍዎን ታሪካዊ ግዴታን መሰልን ኣለዎ እዩ።

ቅድመ-ምርመራ ብዓይኒ ዓውደ ሕጊ ዝተቐመጡ ነጥብታት ኣለዉ እዮም።ኣብ ሃይማኖታዊ ጉዳያትን ኣተና ኣቲኻ ምንቛት፣ኣብ ፖለቲካዊ ጽሑፍን ስርሓውትን ከም ሃገሩን ስርዓቱን ይፈላለይ'ዩ።ከም መጠን ምዕባለታቶምን ደረጃ ፍትሕን ደሞክራስን ዝበጽሕዎ ዝዕቀን'ዩ ዝኸውን።

ኣብ ጉዳይ ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ዘሎዎ ቅድመ-ምርመራ ንሓበሻ ብፍላይ ድማ ልብን ዕድመን ንዝደፍ'ኣ ከተረድ'ኦ ድፍረት እዩ፣ማሕበራዊ ቅድመ-ምርመራ ዝበሃል ከኣ ኣሎ፣ባዕላዊ ከኣ ከም ሕልናካን ከም ብስለትካን ሕድገትካን ዝውሰን ዓየት ቅድመ-ምርመራ ከምዘሎ ኣብ ዓውዲ ስነ ሕጊ ሰፊሩ ይርከብ እዩ።

እዚ ኮይኑ ግና ዝመጸ ይምጻእ ኢልካ ምጵሓፍ ኰነ ምዝራብ ምቕራጽን ከምዘሎ ክዝንጋዕ ከቶ የብሉን።

ነቲ ዝደለካዮ ዝሑፍ ምስ ጸሓፍካዮ ካብ ሰብ ከም ዝተጋገካ ወይ ክትእርሞ ዘለካ ከጋጥመካ ነገር ክህሉ ንቡር እዩ።ምኽንያቱ ሓፋሽ ኽንዲ ዉቕያኖስ እዩ ፍልጠቱን ተመኽሮ'ኡን ክበሃል ዝከኣል'ዩ።

ስለዚ፡ካብ'ቲ ማዕሙቕ ፍልጠት ኣብ ሓፋሽ ሰፈሩ ዝነብር፡ዝእርመካን ዝውስኸልካን ኣይትስእንን ኢኻ።

ብዝኾነ ኣብ መዋእል 21 ክፍለዘመን፡"ክብርን ምክብባርን" ከም ቐደሙ ኣሎ ዶ፧ እንተደኣ ኢልና ኣብ ባይታ እንርእዮን እንዕዘቦን ዘለና፡ሕምብርተ-ትርኢት እዩ።እው፡ጋዶ ዘብል እዩ ኰይኑ ዝርከብ።

ወዲ ሰብ፡ኣብ ጉዕዞ ሕይወቱ ቀጻሊ ዝመሃርን ዝእረምን ምዃኑ ፍሉጥ ነገር እዩ።ኣራምን ነቓፍን ዝረከበ ሰብ ከኣ፡ከምቲ ኮስኳስን ማይ ዘስትይን ዝረኸበ ተኽሊ፡ፍረ ሂቡ፣ደስ ዝብል ምጉልላዕን ምዕንባብን ትዕዘብ ኢኻ።

እቲ ሓሳብን ነቐፌታን ዘይቕበል ሰብ ከኣ፡ብኣንጻሩ፥ከም ዝቀመስለ ዕምባባ፣ከም ዝባደ መሬትን ከም ዝደከየ ሓመድ'ዩ ዝምሰልን ዝኸውንን።

እሞ ንክብርታት ወለድና ንምዕቃብ ኩልና ከይተሓለልና ክንሰርሓሉ ግቡእ ኩልና እዩ።እጃምን ጾር ሕድሕድናን'ዩ።ነዚ ከኣ ኣኽኣሎን ብልሕን ይመጥወና ዘብል'ዩ።

ኣነ ግና 'ክብረት ምክብባርን' ብሰፊሑ ክርደ'ኣኒ ደሊየ ኣለኹ፡እሞ ገለ ክትብሉኒ ይደልይ ኣለኹ።ወስ በሉኒ ኢኩም።

ከም ሓሳባይን ትምኒተይን ሰብን ሓሳብ ናይ ሰብን ከኽብርን ኣምበ ደስ ይብለኒ'ዩ።ግና ኩነታትን መዓልታዊ ተርእዮታት ሕይወትካን ዝውስኖ ነገር ከም ዘሎ ኣይስሕቶን'የ።

ሓደ ሰብ ኣብ ጉዕዞ ሕይወቱ ዝሓለፎ፣ ብሓላፍነታዊ መንፈስ ክጽሕፍ፣ክዛረብ ኰነ ክስንድ ሙሉእ መሰል ኣለዎ'ዩ።

ወላ'ኳ ገለ ፖለቲካዊ፣ማሕበራዊ፣ቑጠባውን ስነ ልቦናውን ጽዕንቶታት ከም ዘለዎ ርእሰ ርጉጽ ተርእዮ ተኾነ ማለት'ዩ።

ግና ብሓባራዊ ስምምዕ ብዙሕ ሕድገትን ሸለልን ትብሎ ነገር ከም ዝህልወካ ፍሉጥ ነገር'ዩ።

እዚ ኣይትጽሓፎ ኢኻ።እዚ ክትዛረብ ወይ ክትጽሕፍ ከለኻ ንዓይ ወይ ንዓና ሕተተና ዝብለካ ሰብ ወይ ኣካል፣ወይ ሓላፊካ ወይ ፈታዊካ ክኸውን ኣለዎ።

እቲ ከማን ኣፍትዩን ኣእሚኑን ተኰይኑ ዘላቕነት ይህልዎ ይኸውን እምበር ወዲ ስበ ብባህሪኡ ኣይግዛእን፣እምብለይ ባሃሊ እዩ።እዙይ ድማ ከከም ዓቕሙ ዝረኣይ ባህርያት ተፈጥሮ'ዩ።

እዚ ስለ ዝኾነ እዩ ክሳዱ ኣብ ዘቕናዓሉ መድረኽን እዋንን፡ገለ ናይ ቂምን ቅርሕትን ስርሓውቲ ወይ ድማ ሕነኣዊ ተግባራት ዝገብር።ገለ ከኣ ጊዜን ኩነታትን ምስ ፈቐደሉ ሕልምታቱ ክገብሮ ሕጊ ተፈጥሮ ይድርኾ'ዩ።

እምበኣር፡መሲልካ እንታይ ኣምጺእካ ምባሉ ኣይተርፍን እንድዩ!!

ግና ንሰብ ንስለ ርእይቶ ጥራሕ ርእይቶ ክትህቦን ንስለ ነቐፌታን ክትነቕፎን ግቡእ ኰይኑ ከቶ ኣይረኽቦን'የ።
ሓደ ኣመሪካዊ መምህር-ሲ፡"ንስለ ምሕታት ኣይትሕተቱ ኢኹም!" ይብለና ነበረ።እሞ ኣብ ሕብረትሰብና ከኣ እቲ ምሕታት-ሲ፥ንስለ ምሕታት ይኸውን፣እቲ ምንቓፍ ከኣ ከም'ኡ ይኹልኮሎ ወይ ይስዕቦ እሞ፡እዚ ከኣ ፈጺሙ ኣየምህረካን'ዩ።እንሓንሳብ ድማ ይዕንቕጸካ'ዩ።ወይ የጋድደልካ'ዩ።

እሞ ደኣ፡ካብ ሰብን ካብ ተመኽሮን ሕየትካ እንድዩ ምህሮ ዝምእረር፡እስከ ገለ ብዛዕባ ክብሪ ኰነ ምክብባር ተመኽሮታትኩም ይኹን ካብ መኽዘን ፍልጠትኩም ብምብጋስ፡ክንመሃር መኣንታን ኣካፍሉና ኢኹም ክብል እፈቱ።

"ሕይወት ንገሊኡ እናሞትካ ምንባር እያ።ንገሊኡ ከኣ ሞይትካ ምንባር እያ።ንገሊኡ ከኣ ብህልዉካ ምጧት እያ።" ክብሉ ጸሓፍን ደርስትን ክብሉ ንሰምዕ ኢና።

እሞ ኣብዚ ሕይወትና፣ናብ ዓዲ ሞት ምካድና ስለ ዘይተርፍ፣ኣብዚ ከለናን ኮይናን ክንመሃሃር ንኽእል፥ካብ ሰብን ካብ ጉዕዞን ሕይወትን'ዩ።

ከም'ኡን ክንድ'ኡን ካብ ኰነ ከኣ፡እቲ ሓደው ንክብሪ ዘየክብር ይኸውን፥እቲ ሓደው ድማ ንምክብባር ዘኽብር ይኸውን።እቲ ሓደ ከየኽበረ፡ንርእሱ ልዕለ ምኽባር ይኹን ንዓይ ሲ፡ ኣክብሩኒ-ኣክብሩኒ ደኣ በሃሊ ይኸውን።

እቲ ሓደ ትርጉም ክብርን ምክብባርን፡ ንዑዑ ብዝርድኦ መገዲ ጥራይ ይኸይድ፣ኰታ ብዝተፈላልየ ሰባት ኰነ ሕብረተሰብ ንሓደ ግሉጽ ሓሳብን ኣምርን ብዝተፈላለየ መንገድን ባዕላዊ ርዲኢት ክኸይድ ምርኣይ ንቡር መስርሕ'ዩ።

ከየክበረካ ክብሪ ዝጸምእ እልቢ የብሉን'ዩ።ብፍላይ ድማ ኣብ 21 ክፍለዘመን ግርም'ዩ ዝብለካ ክበሃል ይከኣል'ዩ።
ምክብባር-ሲ ቀደም ነይሩ ብቃልን ብግብርን ዝብልዎ ክትርዕሞ ዝቕስበካ እምብዛ ብዙሕ እዩ-ዝብል ሓሳብ ወይ ምጒት ከ ትቕበልዎ'ዶ፧?

ብዛዕባ ጉዕዞ ሕይወትካን ዓንኬሉን ኣድሂብካ ክትጽሕፍ፣ክትዛረብን ኰነ ክትደርሰሉን ስጋብ ክንደይ ፍቃድን ምሕታትን የድልየካ ከ ትብሉ፧ትብላ፧
ክብራትን ክቡራንን፡እዛ ሓጻር ጽሕፍቲ ቅድሚ 7 ዓመት ክጽሕፋ ከሎኹ፡ኣብ ጊዜ ደርጊ ቆልዑ ከላና ዘጋጠመ ነገር ትዝ ኢሉኒ፣ኣብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢ ሓደ ጽሑፍ ዝኸረይ እጽሕፍ።

ድሕሪ ዝተወሰነ ጊዜ (ደቃይቕ) ሓደ መታዓብይተይ፥ነቲ ጽሑፍ ከጥፍኦ ወይ ከልግሶ ትእዛዘኒ ሃበኒ።

ኣነ፡ድማ ሰንቢደ "እንታይ ደኣ ደሓን ዲኻ፧ ሰላምታ ናይ እግዚኣብሄር ይቐርብ ነይሩ።ሰላምታ ከይበልካኒ።ሓቲትካኒ ዘይትፈልጥ ጥር ኢልካ፡ነዚ ጽሒፍካዮ ዘሎካ፡ደምስሶ ኢኻ ምባል ናይ ደሓን ዲኻ ኸ፧" እብሎ።

ንሱ፡ነዲሩ ክዝሕፈለይ ብምጅማሩ፡ኣነ ድማ ተቈጢዐ እንተኹነ ስምዒተይ ሓሊየ፡"ኣካል ታሪኽ ህይወተይ ስለ ዝኾነን ዝተዓዘብክዎን ዝፈልጦን'የ ጽሒፈ ዘሎኹ።"-በልክዎ።

ናብ መልሲ ምጽሕሓፍን ምምልላስን ብዝኣተና ቅጫ መጸኒ፡"...እሞ መሰለይ ብምኳኑ ጽሒፈ ኣሎኹ።ገና እውን ትዝ በለኒ ጥራሕ ሓቅን ዝድገምን ይኹን እምበር ክጽሕፍ'የ።ኣይትጽሓፍ ክብለኒ ዝክእልኡ ዘሎ ኣይመስለንን፡ብምርድዳእ ግን ክትቕንሶ ወይ ከተመሓይሾ ወይ ድማ ከተልግሶ ይከኣል'ዩ።እንተ ብትእዛዝ ወይ ብግበሮ ግን ኣይከኣልን'ዩ።"

ድሕሪ ክንደይ ምልልስና ምስ ሓየለን ናብ ናህርታት ግብረ-መልስታት ብዘምርሐን፡"ድሕሪ ማይ ናብ በዓቲ!" ዝዕይነቱ ምኽንያት ንዝጸሕፍኽዎ መቃወሚኡ ጉዳይ ነገረኒ።

ንሱ ድማ ኣብ'ቲ ጽሑፍ ሰፈራ ትርከብ ጓል ሄዋን ቤተሰቡ ብህይወት ከም ዘየላ-ኣጋጣሚ ድማ ሎሚ ቕነ እያ ሞይታ።ስለዚ እዩ ተሰሚዑኒ!" በለኒ።

ኣነ እውን ኣግሩሙለይን ኣተሓሳሲቡንን ከምዚ በልኽዎ።

"እሞ ከም'ዚታት ኢልካ ኢኻ ከተረደኣኒ ነይሩካ እምበር ኣነ እንታይ ይፈልጥ።ሃንደበት ዝዛረቦ ወይ ዝጽሕፎ ምስ ኣብ ባይታ ዝተኸስተ ጉዳያት ከም ዝተሓሓዝ ሰባት ይነግሩኒ እዮም።እንተኹነ ምሟታ ኣይፈለጥኩን።ከም ዝሞተት ፈሊጠ ድማ ኣይኹንኩን ጽሒፈዮ።ብዛዕባ ሕሉፍ ዝክርታተይ ይኹን ዘሕለፍክዎ ነገራት፡ከም ዝጽሕፍ ድማ ማንም ፈላጥየይ ዝኾነ ሰብ ወይ ዝከታተለኒ ዘበለ ይፈልጥ'ዩ።"- ዝብል ነበረ።

ብዝኾነ፡ኣነ ጌጋ ወይ ፈጢረ ኣይጸሓፍክዎን።እዚ ድማ ተጓንፎ ህይወትን ዝኽርታተይን እምበር ጠቀነን ምስይጣንን ኣይኮነን ብዝብል ተዘራሪብና፡ንግዚኡ ብዛዕባ እታ ቤተሰቡ ኣድሂበ ከይጽሕፍ ምስ ነፍሰይ ተሰማማዕኩ።ግን ምንም ነውሪ ኣይነበሮን'ዩ።ንምንታይ ክንድዚ ኣቆጢዕዎ ድማ ብዙሕ ክምርምርን ጊዜ ከጥፍእን ኣይደለኩን።

ብዝኾነ ጊዜን ኲነታትን ከመይ ንወዲ ሰብ ከም ዝቕይሮን "እታ ንከባበር እባ!" ትብል ዘረብኡ ግን ኣብቲ ሽው ጊዜ ኣመና ሓርቢታትኒ ምንባራ እዝክር።

ሎሚ ቕነ ድማ ተመሳሳሊ ወላ ምፍርራሕ ኣይሃልዎ።ብዘይ ፍቃድና ንምንታይ ጽሒፍካ ዝሕላገቱ "ታሪኽ ሓደ ሰብ ክትጽሕፍ ከሎኻ፥ንቤተሰብ ፍቃድ ኣይትሓትትን ዲኻ፧" በለኒ።

ኣነ ድማ "ንቤተሰብ ምሕታትን ምፍቃድን ጽቡቕን ተመራጺ እዩ ግን ንኩሉ ኣይተፍቕድን ኢኻ።" በልኽዎ።

"ከመይ ማለት ቤተሰብ'ዶ ኣይኰነን ዘፍቕድን ዝእዝዝን፧" በለኒ።

"ኣይፋሉን።ፍሉጥ ሰብ ተኰይኑ ኣብ ኣደባባይ ዝፍለጥን ዝናን ዝተጓናጸፈን ሰብ ግድን ፍቓድ ኣይትሓተሉን ኢኻ።ብተወሳኺ ድማ ብዛዕባ ፍሉጣት ሰባት ታሪኾም ወይ ዉዕለቶም ኣድሂብካ ክትጽሕፍ ከሎኻ፡ቤተሰብ ክሕግዘካን ሓበሬታ ክምግበካን ጽቡቕ ዕዮን ሰናይ ተግባርን እዩ።እንተኰነ ግን ኹሉ ተሓባባርን ሓንጐፋይ በሃልን ኣይኰነን'ዩ።" በልክዎ።

ክቕበለኒ ሓርበርቶ።

ኣነ ድማ "ኣብነት፡ክንደይ ስድራቤታት ኣንጻር ወለዶምን ኣባል ስድርኦምን ታሪኾም በቲ ንሶም ዝደልይዎ ኣገባብ ዝጸሓፉን ዘጽሕፉን ብርክት ዝበሉ እዮም።እዚ ድማ ምስ ጊዜን ፖለቲካን ዝመጸ ተርእዮታት እዩ ግን ግቡእን ቕኑዕን ኣይኰነን'ዩ።እታ ትኽክል ታሪኽ እያ ክትጸሓፍን ክትስፍርን ዘሎዋ! በልኽዎ።

ሕጂ እውን ከቶ ኣይተውሓጠሉን።ክከራከረንን ነቲ ጽሑፍ ክገድፎ ወይ ከወንዝፎ ብትሪ ተማሕጸነኒ።

"ስማዕ ዝሓወይ፡ንዓይ ሕጊ ዘገድደኒ ተተ:ጋግየን ኰነ ኢለ እንተ ኣጥፊአን እዩ።እቲ ሕጊ ድማ ጌጋ ሓበሬታ ወይ ምምዝባዕ ወይ ድማ ኰነ ተባሂሉ ዝተገብረ ተኰይኑ፡ፈለማ ይቕረታ ትሓተሉ ኢኻ።

ብድሕሪኡ እርማት ትገብረሉ።ነዚ ተዘይገይርካ ብዓይኒ ሕጊ ኣብ ቕድሚ ሕጊ ትሕተት ኢኻ።ወላ እኳ ኣብ ምድረ ሓበሻ ፍትሕን ልዕልና ሕግን ዝበሃል ኣብ ባይታ ተዘይሃለው፡በቲ ዝነበረ ሕጊ ይኹን ብሕገ ልቦና ክትዳነይን ክትላዘብን ይከኣል'ዩ።

ስለዚ ተጥፊኣ ወይ ተተ:ጋግየ ጥራሕ እየ ክእረምን ይቕረታ ክሓትት ዝክእል።እምበር ኣልግሶ ኢኻ ዝብል መምህርሒ ወይ ትእዛዝ ኣይሰርሕን'ዩ።" ብምባል ተፈላለና።

ኣብዛ ሓጻር ዕምርናን ተመኽሮናን ብዙሕ ተጓንፎታትን ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሰባትን እዮም ዘጋጥሙካ፡ግን ብትዕግስትን ብዓቕልን ተዘይሓሊፍካዮ፡ጊዜካ የባኽኑዎ፥ትዕግስትካ

ይፈታትንዎን ኣብ ዘየድልይ ሽንኩለል ክትብል ዝቕስቡ ተርእዮታትን ፍጻሜታትን ሓሸከት እዮም እብል።

እሞ ኣብ ጉዳይ ኣምር ክብርን ምክብባርን ዘሎኩም ተዓንፎ፥ኣፍልጦን ተመኽሮታትን ወስ ክትብሉና/ላና ብኽብሪ ክዕድም እፈቱ።

ወደሓንኩም!!

**ኣብራሃም ብርሃነ**